## ናይ ደገፍ መልእኽቲ ናብ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጕባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

## ቍጽሪ 10. ማሕበር ኤርትራውያን ንሰላምን ንዲሞክራስን ኣብ ስዊስ
## ኣባል ሲቪላውያን ማሕበራት ኣውሮጳ

**ጅነቭ፣ 17.07.2006**

ክቡራት ኣሓትን ኣሕዋትን ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

ኣቐዲምና ሕውነታውን ሃገራውን ሰላምታና ተቐበሉ ንብል።

እዚ ጕባኤ'ዚ፣ ክልተ ዓበይቲ ሓላፍነታት፣ ኣብ ሓደ ግዜ ይገጥም ስለዘሎ፣ ተስፋና ክንገልጸልኩም ወሲና። ቀዳማይ፣ ኣብ'ዚ ኮፍ ኢልኩምሉ ዘለኹም ብቕድሜኹም ኰይኑ ዝመርሕን ዘውሃህድን ዝነበረ ኣባልኩምን ኣቦ መንበርኩምን ዝነበረ፣ ሓው ስዩም ዑቕባሚካኤል ብሞት ምፍላዩ፣ ነዚ ጕባኤ'ዚ ከቢድ ሓላፍነት ኣለዎ።

እቲ ባዕሉ እምኒ ገምጢሉ፣ መሬት ቆጥቍጡ፣ ዝዘርኣ ተኸሊ ናጽነትን ሓርነትን፤ ንኣርብዓ ዓመት ድማ ማይ ዘስተያ፣ ሎሚ ከኣ ደሙ ዝሃበላ፥ ፍሬኣ ከይርኣየ ብምኻዱ፣ ዝያዳ ነቲ ሓላፍነት ሃገራውያን ኣኽቢድዎ ኣሎ። ሰብ ዉሱን ኢዩ ዕድሚኡ። ታሪኽ ግን ንዘልኣለም ይነብር።

እቲ ካልኣይ ድማ፣ ሃገርና ኣብ ምንታይ ኵነታት ከምዘላ፣ ንዓኹም ዝድገም ኣይኰነን። ግደፍ'ዶ ንዝሓስቡላ፣ ሓላፍ መገዲ ውን "ሰብ'ዶ የብላን ኢ.ያ" ኣብ ዝብለላ ህሞት ኣላ።

እዚ ጕባኤኹም ኣብ ሕድሪ ስዉኣትና ጸኒዑ፣ ነዚ ዘሎናዮ መድረኽ ዝበቅዕ ውሳኔታትን፣ ተግበርቲ መሪሕነትን ሒዙ ክወጽእ ተስፋ ኵሉ ህዝብና ኢዩ።

ነዚ ክትበቕዑ ኣምላኽ ይሓግዝኩም ንብለኩም።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና
ዓወት ድማ ንሕድሮም

ማሕበር ኤርትራውያን ንሰላምን ንዲሞክራስን ኣብ ስዊስ